# ኣል gls ዳዕዋ

*ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ እትዳሎ መጽሔት ቁ: (44.) oktober 10..2007 http://www.aldawa.de*




## ርእሰ- ዓንቀጽ | ቶውባ

ክቡር ኣንባቢ ኣሰላሙ ዓለይኩም ወራሕመቱላሂ ወበረካቱሁ

መስጊድ ጃምዕ ተወሊዓ እናበልና ንቕበሎ እነበርና ጥዑም ሮመዳን መስጊድ ጃምዕ ተወሊዓ እናበልና ነፋንዎ ምንባርና ዘይርሳዕ እዩ::ሕጂ ግን እቲ ወርሒ ሮመዳን ወሊዕዎ ዝነበረ ሮመዳን ምስ ሓለፈ ከይጽልምት ምጥንቃቕ የድሊ::ሓደ ካብቲ ራሕሲ ናይ ሮመዳን( ብሓይሊ ረቢ) ንቡዙሓት ካባና ናይ ንስሐን መአረምታን ወርሒ ኮይኑ ሻህረል-ቶውባ ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ::ስለ ዝኾነ ኻኣ ብዛዕባ ተውባ ኣልዒልና ክንዛረብ ኣድላዪ ኮይኑ ንረኽቦ::
ፈጣሪና ብቑርኣን ኣቢሉ ኣብ ሱረት ኣልኑር ጥቕሲ ኣያ 31 ከምእዉን ኣብ ሱረት ኣልታሕሪም ጥቕሲ ኣያ 8

وَتُوبُوا إِلَى اللَّهِ جَمِيعاً أَيُّهَا الْمُؤْمِنُونَ لَعَلَّكُمْ تُفْلِحُونَ (31):

ከምእዉን ኣብ ሱረት ኣልታሕሪም ጥቕሲ ኣያ 8

يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا تُوبُوا إِلَى اللَّهِ تَوْبَةً نَصُوحاً

እናበለ ንተውባን ንንስሐን ይዕድመና::ብለይቲ ዝበደሉ ቀትሪ ቀሪቦም ምሕረት ክሓቱ:ናይ መዓልቲ በደለኛታት ብለይቲ ተመሊሶም ምሕረት ክልምኑን ክምለሱን:ለዋህ ፈጣሪና ኢዱ ዘርጊሑ ከም ዝጽበየና ኣረጋጊጹልና::ይኣኽለኒ ተውባ ክብል ንዝቐረበ እዘን ዝስዕባ ኣርባዕተ ግቡኣት ከማልእ ይሕተት::

*መቐጸልታ ኣብ ገጽ 2*

## ትሕዝቶ ሕታም

ቶውባ ……………………………………….1
ኣገባብ ናይ ዘተ ኣብ ቁርኣን…………......3
ምኽኒያት ህላውነተይ…………………….....5
ሓፈሻዊ ትርጉም ሱረት ተባረክ..(3)……....6
ወኣስሊሑ ዛታ በይኒኩም………………........7
Was nach Ramadan? ..........................9
ماذا بعد أن انقضى رمضان ……………11

## *ቶውባ*

*ብሓው:ሙሓመድ ኢማም*

1.በደሉን ሕጊ ምጥሓሱን ብቕጽበት ጠጠው ክብሎ
2.በቲ ዝነበሮን ክገብሮ ዝጸነሔን በደል ኣምሪሩ ክጠዓስ
3.ተመሊሱ ንበደሉ ከየዘውትሮ ቆራጽነት የሕድር
4.ካብ ከምኡ ደቅ-ሰብ ዝወሰዶን ዝበደሎን እንተልዩ ንዋናታቱ ክመልሶ ይግባእ::

ካብዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ 4 መሰረታዊ ናይ ተውባ ግቡኣት እተን ሰለስተ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ፈጣሪናን ዘገድሳ ክኾና እንከለዋ እታ ራብዓይቲ ኻኣ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ደቅ-ሰብ እትትንክፍ እያ::ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ፈጣሪና:ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ንድሕነትና ክብል ኣብ መሪት ፍቕርን ሰላምን ፍትሕን ዝሰፈኖ ናብራ ምእንቲ ክነንብር ኣብ መዓልቲ ፍርዲ የውመልቒያማ ዓስብና ጀና ኮይኑ ክንሕጎስ ካብ መዓት ክንድሕን ኣብ ሓዊ ከይንጥበስ እዚ ፈጽሙ ኢሉ ንዝኣዘዞ:ከም ሰላት:ሰያም:ዘካት:ሕጃብ ንጓል ኣንስተይቲ: ሓጅ: ካብዚ ተኸልከሉ ኢሉ ንዝወገደልና ከም ስርቂ: መስተ: ሓሶት ዝሙት ቁማር ወዘተ…. ዝኣመሰሉ ብምጥሓስ ዝፈጸምናዮ በደልን ወንጀልን ተጣዒስና ናብ መንገዲ ረቢ እንምለሰሉ ተውባ ለጊሱልና::ኣልሓምዱሊላህ ሓንሳብ ተጋጊኹም ጠፊእኩም ኢሉ ናይ መቕጻዕቱ መዓት ኣየውረደልናን:: ናይ መምለሲ መንገዲ እውን ኣይዓጸወልናን:: ለዋህ ኅይታና ባዕሉ ስለ ዝፈጠረና ከም እንጋገ ስለ ዝፈልጥ ካብ ጌጋ 100% ነጻ ክንከዉን ኣይጽበየናን:: እንተኾነ:

ሀ: ኣብ ናይ በደልና ጭቃ ተቆማጢዕና ክንነብርን
ለ:በብዝተሓጸብናዮ መጠን ናብ ጭቃ ክንምለስ ኣይደልየልናን::

ተውባ ነቲ በደል ክትፍጽም እናኻኣልካ ረቢ ፈሪህካ መቕጻዕቱ ኣተሓሳሲቡካ ዝመረጽካዮ ናይ ንስሐ መንገዲ ክኸዉን ኣለዎ: ብዝተረፈ ገንዘብ ስኢንካ ዝገደፍካዮ መስተ ጥዕናኻ ኣስጊኡካ ኣቋሪጽካዮ ምዕንዳር: ሓለዋ በርቲዑካ ዝራሓቕካሉ ስርቅን ቁማርን ወዘተ…ገዲፉካ እምበር ገዲፈዮ ክትብል ዘኽእለካ ኣይኮነን::ከምኡዉን ሩሕካ ተቐርቂራ ትልኽ ኣብ ትብለሉ ናይ ሞት ሰዓት ተውባ ኢለ ገዲፈዮ እንተበልካ ዝሰምዓካ የብልካን:: ከምኡ ከይርከብ: ረቢ ኣብ ሱረት ኣልኒሳእ ከምዚ እናበለ የጠንቅቐና:

وَلَيْسَتِ التَّوْبَةُ لِلَّذِينَ يَعْمَلُونَ السَّيِّئَاتِ حَتَّى إِذَا حَضَرَ أَحَدَهُمُ الْمَوْتُ قَالَ إِنِّي تُبْتُ الآنَ وَلاَ الَّذِينَ يَمُوتُونَ وَهُمْ كُفَّارٌ أُوْلَئِكَ أَعْتَدْنَا لَهُمْ عَذَابًا أَلِيمًا (18)

ረሱል ሰላላሁ ዓለይሂ ወሰለም እውን:

*(ኢና ኣላህ ተዓላ የቕበል ኣልተውባ ማለም ዩቖርቕር)*

**ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ካለኦት ደቅ-ሰብ ዝርከብ በደል ምስኣቶም ከነጽርዮ ይግባእ::**

ረቢ ናቱ እዩ ዝምሕር::ምስ ካለኦት ሰባት ዘለና ቂምታን በደልን ዕዳን ምስኣቶም ከነጻርዮ ይግባእ::እዚ ማለት ይቕረ( ይትረፍ)ክትብሃሃል:ዝወሰድካዮን ዝዓመጽካዮን ዝተለቃሕካዮን እንተልዩ ንዋናታቱ ክትመልሶ ይግባእ::ክትመልሶ ንዘይትኽእል ክምሕሩኻ ክትሓትት እውን ይግባኣካ::የውመልቒያማ ከይተገለጽካን መቕጻዕቱ ከይከበደካን ብሕይወትካ እንከለኻ እንተጽሪኻዮ ይበልጸካ::ብድኽመቶም ደንዲንካ ዝዓመጽካዮም ኣሚኖምኻ ዝኻሓድካዮም ብመዓርግካ ብቦታኻ ተጠቒምክቃ ዝጸቐጥካዮም ዝሓመኻዮም ዘጸለምካዮም ዘናቆትካዮም( ዘባኣስካዮም)ጽባሕ ኣብ ቀድሚ ረቢ ከይከሰኹ :ብሕልናኻ ተኸሲስካ;ሕጂ ክትናሳሓሉ ይግባእ::ረቢ ዝሕበኦ ነገር የለን::ኣብዛ ናይ ግዚኡ ዓለም:ጠሪዑ ዘየረኻኸበልካ:ኣብ መዓልቲ ፍርዲ ከይጠረዔ ከረኻኽበልካ እዩ እሞ ኣይትደቅስ::

ጽባሕ ምምጽኡ ስለ ዘይተረጋገጸ ጽባሕ ኣይትበል::ሎሚ ተመለስ ሎሚ ተሓጸብ:ቶውባ በል ጌጋኻ ይተኣርነብ ረቢ ይሓግዝካ:ይሓግዘና::

*መጺሔት ኣልዳዕዋ ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ሃገረ ጀርመን እትዳሎ መጺሔት እያ።*

*ኣድራሻ:*

**Gis e.V.**
**P.O.Box 101344**
**42103 Wuppertal**
**Germany**

**መርከዝ ቢላል**:
Montanus Str.76
51065 Köln

**Bank:**
Deutsche bank A.G
Wuppertal
KontoNr.280 29 08
BLZ 330 700 24

### ለበዋ

ክቡር ኣንባቢ መጺሔት ኣልዳዕዋ

ኣብ መዳይ ጽሑፍ እጃምካ ከተበርክት ንላበወካ።
ንእስላማዊ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ዝኾነ ሓሳብ ወይ ርኢቶ ዋላኳ ትርጉም ናይ ሓንቲ ጥቕሲ ቁርኣን ትኹን ካብ ምጽሓፍን ምስታፍን ኣይትቆጠብ።
ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:

( በሊቑ ዓኒ ወለው ኣያ)
ወላኳ ሓንቲ ጥቕሲ ኣያ ትኹን ኣብጽሑለይ።

ብተወሳኺ ዝኾነ ነቐፌታን ንጉድለታትና ዝእርም መአረምታን ሓሳብን ከተወፉዩልና ብትሕትና ነሓተኩም።
ናብ ረቢ ዳዕዋ ምግባር ናይ ኩላትና ሓላፍነት ከምዝኾነ ኣይንረስዕ።

### መተሓሳሰቢ

ኣብ መጺሔትና ናይ ቁርኣን ጥቕስታት ኣያት ስለ ዘሎ ብጽቡቕን ብጥንቃቐን ክትሕዝዎ ንላቦ። ከምኡ እውን ዝኾነ ኣብ መጺሔት ኣልዳዕዋ ዝቐርብ ጽሑፍ ናይ ጸሓፊኡ ርኢቶ እዩ ዝውክል።

ከምኡ እውን ናይ ዝኾነ ምስትርጓም ናይ ቁርኣን ወይ ኣሓዲስ ዝርከብ ጌጋታት ሓላፍነት ዝስከሞ እቲ ደራሲኡ እዩ።

# ኣገባብ ናይ ዘተ ኣብ ቁርኣን

ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ዘሎ ፍልልይ ባህሪያዊ ከምዝኾነ ፍሉጥ እዩ::እዚ ናይ ፍልልይ ባህርይ ካኣ ኣላህ ኣብ ውሽጠና ዘስፈሮ ነገር እዩ:: ኣላህ ኣብ ቅዱስ ቁርኣን ከምዚ ይብል:

**"وَلَوْ شَاءَ اللَّهُ لَجَعَلَكُمْ أُمَّةً وَاحِدَةً وَلَكِن لِّيَبْلُوَكُمْ فِي مَا آتَاكُم فَاسْتَبِقُوا الْخَيْرَاتِ إِلَى اللَّهِ مَرْجِعُكُمْ جَمِيعًا فَيُنَبِّئُكُم بِمَا كُنتُمْ فِيهِ تَخْتَلِفُونَ " [المائدة:48] ، "ولا تَكُونُوا كَالَّتِي نَقَضَتْ غَزْلَهَا مِن بَعْدِ قُوَّةٍ أَنكَاثًا تَتَّخِذُونَ أَيْمَانَكُمْ دَخَلاً بَيْنَكُمْ أَن تَكُونَ أُمَّةٌ هِيَ أَرْبَى مِنْ أُمَّةٍ إِنَّمَا يَبْلُوكُمُ اللَّهُ بِهِ وَلَيُبَيِّنَنَّ لَكُمْ يَوْمَ الْقِيَامَةِ مَا كُنتُمْ فِيهِ تَخْتَلِفُونَ ، وَلَوْ شَاءَ اللَّهُ لَجَعَلَكُمْ أُمَّةً وَاحِدَةً وَلَكِن يُضِلُّ مَن يَشَاءُ وَيَهْدِي مَن يَشَاءُ وَلَتُسْأَلُنَّ عَمَّا كُنتُمْ تَعْمَلُونَ " [النحل:92-93]**

**ኣላህ ኣብዘን ኣብ ላዕሊ ሰፊረን ዘለዋ ጥቕስታት ከምዚ ይብል :(ሓፈሻዊ ትርጉም):**
ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብዘን ኣብ ላዕሊ ሰፊረን ዘለዋ ጥቕስታት ካብ ሱረት ኣልማኢዳ ጥቕሲ ኣያ ቑ:48 ከምዚ ዝስዕብ ይብለና::
( ኣላህ እንተትደልስ ሓደ ህዝቢ ምገበረና: ማለት ሓደ ህዝቢ ጌሩ ምፈጠረና::ግን በቲ ዝለገሰልናን ዝሃበናን ኣእምሮን ዝተፈላለየ ልግሲን ክፍትነናና ስለ ዝደለየ እዩ::ኣላህ:ንጽቡቕ ስራሕ ንክንሰርሕን ንክነሰላስልን ይጽዋዓና::
ናብ ኣላህ ኩላትና ምስ ተመለስና እውን ነቲ ዘፈላልየና ዝነበረ ነገራት ኣላህ ክሕብረናን ከፍልጠናን ከም ዝኾነ ካኣ ይገልጸልና::
ቅድም ቀዳድም ቁርኣን ንዘተ: ኣብ መዳይ ናይ ጻውዒት( ስብከት) ናብ እምነት ብኣላህ ቀንዲ መሰረት ከምዝገበሮ ምፍላጥ ኣድላዪ እዩ::እዚ ጥራይ ዘይኮነስ ወላ እዉን ነቲ ኣብ መንጎ እስልምናን ጸላእቱን ዝርከብ ጎንጺ እውን ብሜላ ናይ ዘተ ከምዝፍታሕ እዩ ዝዕድምን ዝጽውዕን::

እምበኣርከስ ብዙሕነትን ፍልልይን ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ክዉን ሓቂ ካብ ኮነ: ነቲ ባህርይ ናይ ፍልልይ ኣብ ግምት ኣሕዲርና በየናይ ኣገባብ ኢና ካብ ኣዕናዊ ዝኾነ: ፍልልይ ዘምጽኦ ሳዕቤናት: ክንርሕቕ ንኽእል: እምበኣር ነዘን ዝስዕባ ነጥብታት ብቐረባ ንተዓዘበን::

**1.ናይ ሓሳብ ( ምሕሳብ) መሰልን ናጽነትን ምውናን:**
ነፍስወከፍ ዘተ ዘካይድ ናይ ገዛእ ነፍሱ ሓሳብን ኣገባብ ኣተሓሳስባን ከምዘሎዉን ብነፍሱ ተኣማንነትን ክህልዎ ናይ ግድን እዩ:: እንተዳኣ ኣወንታዊ ዝኾነ ዘተ ክካየድ ኮይኑ::

**2.ብዛዕባ ኣገባብ ኣተሓሳስባ ምምይያጥ**
ቅድሚ ኣብ ባህርይ ናይ ሓሳብ ምእታው እቲ ኣገባብ ኣተሓሳስባ ናይ ዘተይቲ ምፍላጥ የድሊ::ምኽንያቱ ጉዳይ ናይ ኣገባብ ኣተሓሳስባ ካብቲ ናይ ውልቃዊ ጉዳያት ይፍለ ስለ ዝኾነ::
ኣላህ ኣብ ቅዱስ ቁርኣን ከምዚ ይብል:

وَإِذَا قِيلَ لَهُمُ اتَّبِعُوا مَا أَنزَلَ اللَّهُ قَالُوا بَلْ نَتَّبِعُ مَا أَلْفَيْنَا : عَلَيْهِ آبَاءَ نَا أَوَلَوْ كَانَ آبَاؤُهُمْ لا يَعْقِلُونَ شَيْئًا ولا يَهْتَدُونَ" [البقرة:170] ]

ኣላህ ሱብሓነሁ ወተዓላ ኣብዘን ኣብ ላዕሊ ሰፊረን ዘለዋ ጥቕስታት ኣብ ሱረት ኣልበቐራ ጥቕሲ ኣያ ቁ:170 ከምዚ ዝስዕብ ይብለና::

ሓፈሻዊ ትርጉም: ( ምእመናን ናቶም መንገዲ ዝሳሓቱ ከምዚ ኢሎም: ነቲ ብኣላህ ዝወረደ መጽሓፍ ቁርኣን ተኸተሉ:ምስ በልዎም ::እቶም ካሕዳናት ካኣ ከምዚ ክብሉ ይምልሱ:ነዚ ናትኩም ሃይማኖት( ዲን) ኣይክንክተልን ኢና:ግን ኣሰር ኣቦታትና መንገዶም ኢና ክንስዕብ:ይብሉ::ግን እንታይ ዓይነት መርትያ እዩ እዚ:ኣቦታቶም እንተዳኣ መንገዲ ሲሒቶምን ኣእሮኦምን እንተረሰዑ ኸ :ስለምንታይ ደድሕሪኦም ይስዕቡ፣

**3.ካብ ዝኾነ ናይ ቀልጢፉ ዝትንካእ ስሚዒታዊ ሃዋህው ምርሓቕ**
ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ንዘተ ዘዕውት ኣብ ህድእ ዝበለ ሃዋህው ምስ ዝካየድ እዩ::ምኽኒያቱ ምስ ነፍስኻ ሃዲእካ ናይ ምስትንታን ዕድል ስለ ዝህበካ::እዚ ኻኣ ምስቲ ትዛተዮ ኣካል ብጽፉፍ ኣገባብን ስነ ስርዓት ዝመለኦ ጠባይ ስለ እትርኢ::
ኣብ ቁርኣን እውን እዚ ዝስዕብ ንቕርጽ:

"قُلْ إِنَّمَا أَعِظُكُمْ بِوَاحِدَةٍ أَنْ تَقُومُوا لِلَّهِ مَثْنَى وَفُرَادَى ثُمَّ تَتَفَكَّرُوا مَا بِصَاحِبِكُمْ مِنْ جِنَّةٍ إِنْ هُوَ إِلاّ نَذِيرٌ لَكُمْ بَيْنَ يَدَيْ عَذَابٍ شَدِيدٍ " [سبأ:46]

እቶም ንነቢ ሙሓመድ ጽሉል ኢሎም ካብ ሓቂ ዝራሓቑ መግለጺ ዝገልጹ ዝነበሩ:ኣላህ:ካብዚ ካብ ስሚዒት ዝላዓለ ናይ ምጽልማን ናይ ምኽፋእን ክርሕቁን እሞ ኣእምሮኦም ኣሰሪሖም ብብሓደ ወይ ወይ ከክልተ ኮይኖም ብዛዕባኡ ከስተንትኑን ክሓስቡን ይጽውዖም::እዚ ጻውዒት ናይ ቁርኣን ድማ ክንደየናይ ቁርኣን ነቲ ሓደ ዉልቀሰብ ውሳኔ ዝወስዶ ሓሲቡን ኣስተንቲኑን ክወስዶ ከምዝለዎ የተባብዕን ይጽውዕን::

**4.ሓቂ ምስቲ ካላኣይ ክትከውን ከምትኽእል:ምእማን**
ሓደ ዘተ ምእንቲ ከምቲ ዝድለየሉ ውጽኢት ክህልዎ:ካብ መጀመርያ ሓቂ ምስቲ ካላኣይ ሸነኽ ትህሉ ኢልካ ምእማን ኣድላዪ እዩ::
ኣብ ቁርኣን ኣልከሪም:ከምዚ ንቕርጽ:

**" قُلْ لا تُسْأَلُونَ عَمَّا أَجْرَمْنَا ولا نُسْأَلُ عَمَّا تَعْمَلُونَ". [سبأ : 25] ،**

( ንሕና ብዝበደልናዮ ኣይትሕተቱን ኢኹም:እስኹም ብዝበደልኩሞ እውን ኣይንሕተትን ኢና )

እዚ ማለት ካኣ ነፍስወከፍ ፍጡር ናይ ገዛእ ነፍሱ ሓላፍነት ኣለዉ:
:
**5.ሓቂ ምስቲ ካላኣይ ሽነኽ ኮይኑ እንተተረኺቡ ኻኣ:ነቲ ሓቂ ምውሳድን ምኽታልን:**
ቅድሚ ምእታው: ሓቂ ዝኾነ መርተዖ እንተዳኣ ቀሪቡልካ ነቲ መርተዖ እቲ ዝግባእ ቦታ ክትህቦ ይግባእ:

**6.ነቲ ናይ ፍልልይ ርኢቶ ብስነሞገታዊ መሰረታዊ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ምእማን**
እቲ ዝካየድ ዘተ ኣብ መሰተረ ናይ ኣእምሮን:ናይ ስነ ኣእምሮን:ናይ መርትዖን:ክምስረት ይግባእ::እቲ ዘተ እውን ብ ስነ-ስርዓት ዝመለአ ጠባይ ክካየድ ይግባእ:: ቁርኣን ከምዝብሎ እውን:

"وَمِنْ النَّاسِ مَنْ يُجَادِلُ فِي اللَّهِ بِغَيْرِ عِلْمٍ وَلا هُدًى وَلا كِتَابٍ مُنِيرٍ" [الحج:8 ، لقمان:20] ،

እቲ ልዑል ዝኾነ ጎይታና ይብል:""ገለ ካብ ደቂ ሰባት እውን ኣለዉ:ሓቂ ብመሰረት ዘይብሉ:ብዘይ ኣፍልጦን:ብዘይ መርተዖን ዝዛረቡን ዝካትዑን ሰባት ኣለዉ""

ሓደ ኣገዳሲ ዝኾነ መለለይ ጠባይ ኣብ መዳይ ናይ ዘተ ክንግደሰሉ ዝግባእ:እቲ ናይ ጽቡቕ ጠባይ ምምላእ እዩ::ኣላህ ንሰይድና ሙሳ ናብ ፍርዖን ቃል ናይ ረቢ ከስመዖ ምስ ኣዘዞ:ከምዚ በሎ:

**":اذْهَبْ أنْتَ وَأَخُوكَ بِآيَاتِي وَلا تَنِيَا فِي ذِكْرِي ، اذْهَبَا إِلَي فِرْعَوْنَ إِنَّهُ طَغَى ، فقولا لَهُ قَوْلاً لَيِّناً لَعَلَّهُ يَتَذَكَّرُ أَوْ يَخْشَى ، [طه:42-44]**

እምበኣር ክቡራት ኣሕዋት ነዚ ኣብ ላዕሊ ንጽፉፍ ኣካይዳ ናይ ዘተ ምክያድ ክንስዕብን ንሓድሕዳዊ ሕውነት ዘደልድልን ነቲ ናይ ፍልልይ ጉዳያት ከነጽብብን ኣብ ንኹላህና ጥቕሚ ዘዕውት መሰማምዒ ነጥቢ ክንበጽሕ ናይ ሓባር ጽዕርን ስራሕን ኣብ ርእሲ ምሕታት ጽቡቕ መለለይ ጠባይ ኣማሊእና ክንጓዓዝ ይግባእ::

**ተርጓሚ: ኣቡ ያሲር ኣሕመድ**

**وقفة..**

**يُقول تُرجمان القرآن ابن عباس رضي الله عنه..**

**.. .. ..**

**عجبتُ لمن ابتُلي بالخوف من الناس كيف يغفل عن قول الله عز وجل "حسبنا الله ونعم الوكيل"**

**ألم يعلم بأن الله قد قال بعدها**

**"فانقلبو ا بنعمة من الله وفضل لم يمسسهم سوء واتبعوا رضوان الله"**

**.. .. ..**

**عجبت لمن ابتلي بالغم والهم كيف يغفل عن قول الله عز وجل "لا اله الا انت سبحانك اني كنت من الظالمين"**

**ألم يعلم أن الله قد قال بعدها**

**"فاستجبنا له ونجيناه من الغم"**

**.. .. ..**

**عجبت لمن ابتلي بالمرض كيف يغفل عن قوله تعالي" ربي اني مسني الضر وانت ارحم الراحمين"**

**ألم يعلم ان الله قد قال بعدها**

**"فاستجبنا له وكشفنا ما به من ضر"**

**.. .. ..**

**عجبت لمن ابتلي بالمكر من الناس كيف يغفل عن قول الله عز وجل "وافوض امرى الى الله ان الله بصير بالعباد"**

**ألم يعلم أن الله قد قال بعدها**

**"فوقاه الله سيئات ما مكروا وحاق بآل فرعون سوء العذاب"**

# ምኽኒያት ህላውነተይ

ብሓው:ዓብደልሓኪም ሳልሕ

ኣብቲ 6ይ ዓመታዊ ኣኼባ[1] ዝተዋሃበኒ ናይ መንእሰያት ፕሮግራም ነቶም ተኻፈልቲ ዘቕረብክሎም ሕቶ : „ወዲ ሰብ ሓላፍነት ክስከም ዘይክእል ፍጥረት ነይሩ ተትኽውን : ናብርኡ ከመይ ምኾነ ነይሩ?“ ዝብል ነበረ። መልሲ ተኻፈልቲ „ናብራ ወዲ ሰብ ምስተገላበጠ“ : „ናብራና ትርጉም ምስሳኣነ“ : „ብዘይ ንስከሞ ሓላፍነት : ህላውነትና ዋጋ የብሉን“ ዝብል መልሲ ነበረ ። መጨርሽታ መልሲ ምስቲ ናይ ስነኣእምራውያን ዝህብዎ መልሲ ኣዚዩ ዝሰማማዕ ኮይኑ ረኺበዮ። ልክዕ እዩ ዝስከሞ ሓላፍነት ዝሳኣነ ሰብ : ኣብ ሕይወቱ ክብረት ኣይስመዮን ኢዩ። ኣብ ሕብረተ ሰቡ ዋጋ ይስእን ። ከምቲ ስነኣእሙራዊ መጽናዕቲ ዘረጋገጾ : መብዛሕቶም ነብሶም ዝቀትሉ ሰባት : ኣብ ናብራኦም ዝጻወትዎ ግደ ኣይነበረሙን።

ስለዚ ሓላፍነት ምስካም ከም ጾር ዘይኮነስ ከም ዓቢ (ረብሓ) ንዕማ ክንሪኦ ንግደድ። ንወዲ ሳብ ካብ እንስሳ ዝፈልዮ ቁዱስ ባህሪያዊ ምልክት እዩ። ንዝኾነ ጥዑይ ውልቀ ሰብ ኣብ ሕብረተ ሰቡ ኣዝዩ ኣደላዪ ነገር ይኽውን። ምስ ሓላፍነት ምስካም ዝተኣሳሰር ሕማማት እውን ኣሎ። ሓላፍነት ምጸላእ ከም ስነኣእምራዊ ጸገም ዝራኣየሉ እዋን እውን ኣሎ። ገሊኡ ምንጻግ ሕብረተሰብኣዊ ዩኹን ውልቃዊ ሓላፍነት ናይ ነፍሳዊ ጉድለት ዘረጋግጽ ምልክት እዩ።

ብኣንጻሩ ድማ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዙሕ ሓላፍነት ምወሳድ : ናይ ስነኣኣምራዊ ጸገማት ምልክት ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ዲክታቶርነት ሓደ ኣብነት ናይዚ ሕማማት ኢዩ። ቀንዲ ጸገም ዲክታቶራዊ ሰብ ኣብ ርእሲ ሓላፍነቱ ናይ ካለኦት ሰባት ሓላፍነት ምምንጣል ክንብል ንኽእል። ጡዑይ ሰብ ዝተዋሃቦ ሓላፍነት ከየጉድል እናፈርሐ ይስከም : ዲክታቶራዊ ሰብ ግን ኣብ ሞንጎ ሓላፍነተን ስልጣንን ዘሎ ፍልልይ ብምስሓት ንሓላፍነት ምስካም ህርፋን የሕድር : ሓላፍነቱ ምስ ናይ ካለኦት ሓላፍነት ጠቅሊሉ ንምሓዝ ሓይሊ ክጥቀም እውን ድሉው ይኸውን።

ረቢ ሱብሓነሁ ወታዓላ ሓዲሽ ፍጡር (ውዲ ሰብ) ኣብ መሬት ክውስኽ ምስደልየ : ንመላኢካ ኣብ መሬት "ኸሊፋ" ሓላፍነት ዝስከም ሓዲሽ ፍጡር ክገብሪየ በሎም። ረቢ ንወዲ ሰብ ሓላፍነት ንኽስከም ኢዩ ፈጢሩዎ። በዚ ምኽኒያት ካኣ እቲ ረቢ ዝወሰኖ ሓላፍነት ዘማልእ ሰብ : ኣብ ሂይወቱ ረጊኡ ይነብር ። ብኣንጻሩ ኣብ ሕብረተሰቡ ረቢ ዝፈትዎ ተራ ዘይጻወት ሰብ ድማ ራብሻን ሕስረትን ይስመዮ።

ሓላፍነት ብቋንቋ ኢንግሊዚኛ Resbonsibility ብጀርመን Verantwortung ድማ ምስ መልሲ ምሃብ ዝተኣሰሰረ ቃል እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ በዓል ሓላፍነት ሕቶታት ክምልስ ድሉው ክኸውን ምህላዉ ዘረጋግጽ ቃል ኢዩ። ብቋንቋ ዓረብ ካኣ ሓላፍነት مسؤلية ዝብል ቃል ምስ ሕቶ ዝተኣሳሰረ ይኸውን። ዝኾነ ባዓል ሓላፍነት ተሓታቲ ምኻኑ ዘብርህ ነገር። ንዓና ረቢ ሓላፍነት ክንስከም ፈጢሩና :እንሕተተሉ ግዜ እውን ክመጽእ እዩ:: ምስሞትና ክንምልሶ ንግድድ ሕቶታት ኣሎ ።

- ብዛዕባ ዕድመና ኣበይ ከምዘጥፋእናዮ ክንሕተት ኢና
- ብዛዕባ ጉብዝናና ኣብ ምንታይ ከምዘውዓልናዮ
- ብዛዕባ ንብረትና ካበይ ከምዘጥረናዮ ኣብ ምንታይ ከምዘውዓልናዮ
- ብዛዕባ ፍልጠትና እንታይ ኣፍሪናሉ

ወዲሰብ ብዛዕባ ነፍሱ ጥራይ ኣይኮነን ክሕተት ። ብዛዕባ ስድርኡን ሕብረተሰቡ እውን ተሓታቲ ኢዩ። ሕማቅ እናረኣኻ ስቅ ኣይባሃልን ኢዩ ። ክትኣልዩ ክትጽዕር ብዝካኣለካ ትግደድ ኢኻ። ረቢ (ሱ. ወ.) ንዝሓለፈን ንዝመጽእን ዘንቢ ነቢይ ሙሓመደ (ስ) ከምዝማሓሮ ኣብቁርኣን ብሩህ ኢዩ። ኣብ ርእሲ እዚ ግን ነቢይ ሙሓመድ ኣብ ሂይወቱ እቲ ኩልና ንፈልጦ ከቢድ ጻዕሪ ኣካይዱ ፡ ንንብሱ ጥራይ ዘትሓስብ : ነብሱ ጥራይ ከድሕን ዘትደሊ : ዳዕዋ ኣየመካየደን ነይሩ። ኣነ ድሒነ ኢየ ኢሎም ግን ኮፍ ኣይበለን : ምድሓን ህዝቢ ዓለም ከም ሓላፍነቱ ስለ ዝራኣዮ ንረቢ ከመስግን ስለ ዝደለየ : ብዙሕ ጽዒሩ። ብተወሳኺ ኣሚረልሙእሚኒን ዑመር ኢብን ኣልኸጣብ (ረ) ካላኣይ ከሊፋ ይብል : "በቕሊ ኣብ መንገዳ እንተትዕንቀፍ : ረቢ ንምንታይ መንገዲ ዘየጽረኻላ ኢሉ ከይቶጻጽረኒ የፍራሃኒ እዩ"። እዚ ንዓና ነቶም ብድቅና እውን ዘይንግደስ ዓቢ ትምህርቲ እዩ። ሰይድና ዑመር ሓላፍነቱ ኣብ ልዕሊ ስድርኡ : ህዝቡ : እንስሳታት ህዝቡ ብኸመይ ከምዝሪኦ ዝነበረ ብጣዕሚ ዘገርም ነገር ኢዩ።

ናይ ኺላፍነት ሓላፍነት ምስተቀበለ ኣሚረል ሙእሚኒን ዑመር ኢብነል ኸጣብ (ረ) ነብሱ ረሲዑ ንህዝቡ ኢዩ ዝነብር ነይሩ።

ካብ ዑለማእ ካልእ ናይ ሓላፍነት ምስካም ኣብነት ካኣ "ኣሚር ናይ ኣከብቲ ሓዲስ" ኣልቦኻሪ እዩ። ኣልቦኻሪ ሰባት ሓሶት ኣሓዲስ ክዝርግሑ ምስራኣየ : ኣሓዲስ ምጽራይ ከም ሓላፍነቱ ራኣዮ። በቲ ዝበለጸ ኣገባብ ካኣ ነቲ ትኽክለንኛ ኣሓዲስ ኣኪቡ ኣብቲ ዝተወርየ መጽሓፉ "ሳሒሕ ኣልቦኻሪ" ኣስፊሩዎ። ክምኡድማ ኣልኢማም ኣቡሓኒፋ ናይ ፍቕህ ኣድላይነት ምስ ተገንዘበ ናይ "ኣሕካም" ምውጻእ ሓላፍነቱ ገይሩ ፡ ዓቢ ናይ ኣሕካም ኣገባብ ሰሪቱ። ሓደ ሙስሊም ናይ ነፍሱ ሓላፍነት ጥራይ ኣይኮነን ዝስከም : እንታይ ዳኣ ናይ ዲኑ : ናይ ህዝቡ : ናይ ሕብረተሰቡ ሓላፍነት እወን ይስከም ኢዩ።

ከምቲ ነቢይ ሙሓመድ (ሰ)“በልቑ ዓኒ ወለው ኣይያ“ (ወላኳ ሓንቲ ጥቅሲ ትኹን : ኣብጽሑለይ) ዝበለ : ንሕና እውን ብወገና በቲ ዓቅምና ዘፍቅዶ ሓላፍነት ክንሰከም ኣለና : ምኽንያቱ ሓላፍነት ምስካም ትርጉም ህላውነትና ስልዝኾነ። ሓላፍነትና ብጉቡእ ምስካም ካኣ ውሕስነት ድሕነትና ኣብ ዮውመል ቂያማ ምኻኑ ክንፈልጥ ንግደድ። ንነብሲ ሞራል ስለ ዝህብ ኢልና ካኣ ዝኾነ ሓላፍነት ክንቀበል የብልናን ። ኣብዚ ኣዋን እዚ ንኡመትና ዝጠቅም ኣዚዮ ብዙሕ ተራታት ክፉት ኣሎ። ካብ ተሞኩረይ : ብዙሓት ሰባት እውን ኣሻሓት ሓላፍነት ከሰክሙኻ ክደልዩ ኢዮም። ኣድላይነቱ ኣጽኒዕካ ክእለትካ ሪኢኻ ክትውስን ትግድደ ኢኻ። ካብዚ ናይ ኡምማ ጋህ ኢሉ ዘሎ ሓላፍነታት ንምሽፋን ዓቅምኻ ዘፍቅዶ ጊደ ግን ፈጺምካ ኣይትስእንን ኢኻ። ውላሁ ኣዕለም!

---

1 ኣኼባ ናይ ማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ፉልዳ, 2007

# ሓፈሻዊ ትርጉም ሱረት ኣልሙልክ  ካብ ኣያ (12) ክሳብ ኣያ (15)

{ إِنَّ ٱلَّذِينَ يَخْشَوْنَ رَبَّهُم بِٱلْغَيْبِ لَهُم مَّغْفِرَةٌ وَأَجْرٌ كَبِيرٌ } * { وَأَسِرُّواْ قَوْلَكُمْ أَوِ ٱجْهَرُواْ بِهِ إِنَّهُ عَلِيمٌ بِذَاتِ ٱلصُّدُورِ } * { أَلاَ يَعْلَمُ مَنْ خَلَقَ وَهُوَ ٱللَّطِيفُ ٱلْخَبِيرُ } * { هُوَ ٱلَّذِي جَعَلَ لَكُمُ ٱلأَرْضَ ذَلُولاً فَٱمْشُواْ فِي مَنَاكِبِهَا وَكُلُواْ مِن رِّزْقِهِ وَإِلَيْهِ ٱلنُّشُورُ }

***ትርጉም ቃላት***

*የኽሸውና ረባሁም ቢልቐይብ*:ማለት ንኣላህ ዝፈርህዎ ትእዛዙ ወላ ኣብ ሰብ ዘይርእዮም ቦታ ተኸዊሎም እንተሃሊዮም ትእዛዙ ዘይጥሕሱ::
*ለሁም መቕፊራቱን ውኣጅሩን ከቢር*:ዘንቦም( ሓጥያቶም) ይሕደጎሎምን ዓቢ ዝኾነ ዓስቢ ኻኣ ይዋሃቡ:
*ኣላ ያዕለም መን ኸለቕ*:ንፍጡራቱ ዝፈጠረ ከመይ ጌሩ እዩ ዝኾነ ነገር ዝገብርዎ ካብኡ ዝሕባእ:
*ወሁዋ ኣለጢፉ ኣልኸቢር*: **ከምኡዉን ኩሉ ዝፍጽምዎ ኣላህ ይፈልጦ እዩ**
*ወኢለይሂ ኣልንሹር*:ካብ መቓብርኩም ኣውጺኡ እንደገና ንኽሓስበኩም ዘተንሳኣኩም

***ሓፈሻዊ ትርጉም ሱረት ተባረክ ካብ ኣያ 11 ክሳብ ኣያ 15***

**እቲ ልዑል ፈጣሪና ዓስቢ ናይ ካሕዳናት ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ስቅያት ከምዝኾነ ምስ ገለጸ ኣብዘን ዝስዕባ ጥቕሲታት ካኣ ብዛዕባ ኢማንን ምእምዛዝን ካብ ስቅያትን ምድሓንን የበስር::**

إِنَّ الَّذِينَ يَخْشَوْنَ رَبَّهُمْ بِالْغَيْبِ لَهُمْ مَغْفِرَةٌ وَأَجْرٌ كَبِيرٌ (12)
እቶም ንኣላህ ሽሕኳ ኣይርኣይዎ ግን ዝፈርህዎ ብተወሳኺ ወላ ኣብ ሰብ ዘይርእዮም ቦታ ተኸዊሎም እንተሃሊዮም ትእዛዙ ዘይጥሕሱ::ብዝኣዘዞ ዝምእዘዙ ኣላህ ንዐኦም ብዝፈጸምዎ ጌጋታት ክሓድገሎምን መዘና ዘይብሉ ዓስቢ ክህቦም ከምዝኾነ ኣብዛ ጥቕሲ ኣላህ ይገልጸልና::እዚ ዓስቢ ኻኣ ኣብ ጀና ምእታው እዩ::

ገለ ካሕዳናት ናይ ቁረይሽ ኣብ መካ:ንገሊኦም ዓው ኢልኩም ኣይትዛረቡ ስለ ኣላህ ናይ ሙሓመድ ዘረባኹም ናብኡ ማለት ናብ ሙሓመድ ከብጻሓልኩም እዩ: ኢሎም ምስ ተዛረቡ:ኣላህ ነዛ እትስዕብ ጥቕሲ ከምዚ ክብል መለሰሎም:
وَأَسِرُّوا قَوْلَكُمْ أَوْ اجْهَرُوا بِهِ إِنَّهُ عَلِيمٌ بِذَاتِ الصُّدُورِ (13)
ብምስጢር ኮነ ብጋህዲ ዝኾነ እትዛረበዎ ዘረባ:እዚ ጥራይ ዘይኮነስ ወላ እቲ ኣብ ልብኹም ዘሎ እውን ኣላህ ይፈልጦ እዩ::ማለት እቲ ኣእምሮ ዝሓስቦ ልቢ ዘስተንትኖ ናብ ድምጺ ዘይተቐየረ እውን ካብ ኣላህ ኣይሕባእን እዩ::

أَلا يَعْلَمُ مَنْ خَلَقَ وَهُوَ اللَّطِيفُ الْخَبِيرُ (14)
ከመይ ጌሩ እዩ:ንደቂ ሰባት ፈጢርዎም ከሎስ ዝሓስብዎን ዝፍጽምዎ ነገራት ካብኡ ዝኸወል::ኣላህ ብፍጡራቱ ርህሩህን ሓላይን ኣብ ርእሲ ምዃኑ:ይዕበ ይንኣስ ዝኾነ ነገረ ካብኡ ዝሕባእ ብፍጹም ከምዘየልቦ ኣብዛ ጥቕሲ ይብርሃልና::

هُوَ الَّذِي جَعَلَ لَكُمُ الأَرْضَ ذَلُولاً فَامْشُوا فِي مَنَاكِبِهَا وَكُلُوا مِنْ رِزْقِهِ وَإِلَيْهِ النُّشُورُ (15)
ኣላህ ኣቲ ልዑል ጎይታና ነዛ ኣብ ልዕሊኣ ኮይና ንነብረላ ዘለና ምድሪ ምቕእቲ ጌሩ ከምዝፈጠራ ድሕሪ ምጥቃስ:ኣብ ልዕሊኣ ናብራና ከነጠጥሕን ኣብኣ ክንከይድን:ካብቲ ኣላህ ዝለገሰልና ርዝቒ ( ጸጋ)ከምእንበልዕን ክንጥቀምን የፍቅደልና::ግን ድሕሪ እዚ ኩሉ ናብኡ ናብ ኣላህ እቲ ናይ መጨረሽታ ጉዕዞ ከምዝኾነ ናብኡ ከምእንምለስ ምስትውዓል የድሊ:እዛ ጥቕሲ እውን ነዚ ተረጋግጽ::እዚ ማለት ካኣ:እንተዳኣ እምነትን ጽቡቕ ስራሕን ፈጺምና:እቲ ዓስቢ ናይዚ ጀና ምእታው ይኸዉን::እንተዳኣ ክሕዳንን ሕማቕ ስራሕን ፈጺምና ካኣ:እቲ ዓስቢ ጀሃነም ምእታው እዩ::

***ካብዘን ኣያት እንማሃሮ ትምህርቲ ካኣ:***

- ኣገዳስነት ናይ ኢማን ብኣላህ (እምነት) ኣላህ ኣብ ጋህዲ ይኹን ኣብ ስዉር ቦታ ይርእየካ ከምዘሎ ምፍላጥ
- ኣብ መዳይ ንግዲ ይኹን ሕርሻ ወይ ካልእ ንጥፈታት ጽቡቕን ፍቱውን ብኣላህ ከምዝኾነ ምርግጋጽ::
- ድሕሪ ሞት: ምትሳእ ከምዘሎን ከምኡዉን ሒሳብ ከምዘሎን ምእማን::

# ወኣስሊሑ ዛታ በይኒኩም
# ኣብ መንጎኹም ዕርቂ ከምዝሰፍን ግበሩ::

ብሓውኹም:ሑሰን ዓብድልጀሊል

ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን

እነሆ ብኣላህ ዝተላእከ ክቡር ጋሻና ወርሒ ሮመዳን ተሰናቢቱና ይኸይድ::ግን ጽልዋኡ ንነዊሕ ግዜ ምሳና ዝጸንሕ እዩ::ወርሒ ሮመዳን ሓደ ክንማሃረሉን ክንሓስበሉን እንኽእል ሰፊሕን ጥጡሕን ዝኾነ ባይታ ኣንጺፉልና::እቲ ቀንዲ ዕላማን ምኽንያትን ናይዚ ወርሒ ከምቲ ኣብ ቁርኣን ተጠቒሱ ዘሎ:

﴿يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا كُتِبَ عَلَيْكُمُ الصِّيَامُ كَمَا كُتِبَ عَلَى الَّذِينَ مِن قَبْلِكُمْ لَعَلَّكُمْ تَتَّقُونَ﴾ 183

እወ ዕላማ ናይ ወርሒ ሮመዳን ኣብ ልብናን ኣተሓሳስባናን ስሚዒትናን ፍርሂ ረቢ ምእንቲ ክሰርጽ እዩ::እዚ ማለት ካኣ ትእዛዛትን መምሪሒታትን ናይ ረቢ ቀዳምነት ብምሃብ ናብራና ብእኡ መሰረት ምምራሕ ማለት እዩ::
ሓደ: ምስ ፍርሂ-ኣላህ ዝተኣሳሰረ ኣገዳሲ ነገር ንኹላትና ዝትንክፍ ዳግመ ምሕሳብ ዘድልዮ ጉዳይ:ንተዓዘብ::

ኣላህ እቲ ልዑል ዝኾነ ፈጣሪና ኣብ መጀመርያ ሱረት ኣልኣንፋል:ኣብ ኣያ ጥቕሲ ( 1) ኣገዳሲ ዝኾነ መምርሒታትን ትእዛዛትን ይህበና::

﴿يَسْأَلُونَكَ عَنْ الأَنْفَالِ قُلْ الأَنفَالُ لِلَّهِ وَالرَّسُولِ فَاتَّقُوا اللَّهَ وَأَصْلِحُوا ذَاتَ بَيْنِكُمْ وَأَطِيعُوا اللَّهَ وَرَسُولَهُ إِنْ كُنتُمْ مُؤْمِنِينَ﴾ (1)

ኣብዛ ጥቕሲ ኣያ እዚኣ ልዑል ፈጥሪና ኣርባዕተ ትእዛታት የመሓላልፈና:

1) ንኣላህ ምፍራህ
2) ኢስላሕ ዛተልበይን (ንዝተባኣሱን ንዝተገራጨዉን ምዕራቕ)
3)ንኣላህ ምምእዛዝ
4)ንረሱል ምምእዛዝ

ኩላትና ከምእንፈልጦ ንኣብ መንጎ ኣሕዋት ኮይኑ ካለኦት ሰባት ዝተፈላለየ ናይ መባእስን ግጭትን መበገሲን ምኽንያታትን ኣለዎ::ከም ኣብ ዛንታ ነብያት ኣብ ቁርኣን ተገሊጹ ዘሎ:ብሰንኪ ቅንኢ( ኣብ መንጎ ደቂ ያዕቆብ:ኣሕዋት ዩሱፍ ) ዝተረኽበ::ከም ቃቢልን ሃቢልን ደቂ ሰይድና ኣደም ዝተረኽበ::ወዘተ….
ወይ ከምዛ ኣብ ሱረት ኣልኣንፋል ተጠቒሱ ዘሎ ብሰንኪ ምዕዳል ናይ ምርኮ::

ኣብዛ ከም መዘኻኸሪ ዝጽሑፉ ዘለኹ ነታ ካላኣይቲ ንዕርቂ ኣብ መንጎ ምእመናን ትምልከት ነጥቢ ወይ ትእዛዝ ናይ ረቢ ቅሩብ ንምብራህ እዩ::ግን ምስተን ሰለስተ ካለኦት ትእዛዛት ናይ ኣላህ እውን ዝተኣሳሰር ጉዳይ ከምዝኾነ ብሩህ እዩ::

ኩላትና ከምእንፈልጦ እስልምና ንብዙሕ ብሰንኪ ክሕዳንን ዘይምርዳእን ድንቁርናን ዝመልኦ ጸልማት ሃዋህው ካብኡ ኣርሒቑ ናብ እምነትን ፍልጠትን ዝመልኦ ብርሃን ሃዋህው ከሰጋግረና እዩ ዝጽዕር::መልእኽቲ ምስልምና ኻኣ ኣብ መንጎ ደቂሰባት ብፍላይ ካኣ ኣብ መንጎ ኣመንቲ ምስልምና እቲ ሕውነታዊ ዝምድናታት ክድልድል እዩ ዝጽዕር:ዝኾነ ነዚ ናይ ሕውነት ምትእስሳር ብሕማቕ ዝትንክእ ወይ ዝሃሲ ኻኣ ብዝተፈላለየ መንገዲ እዩ ዝክምክቶ::

ብዙሓት ኣሕዋት ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ከምዝሓትዎ:ስለምንታይ እዮም እዞም ኣስላም ባሃልቲ እሞ ቁርኣን ኣናቐርኡን ብሓንሳብ እናሰገዱን ዝባኣሱ:ተባኢሶም ከብቅዑ ኸ ስለምንታይ እዮም ዘይዕረቁ፣
ነዚ ሕቶ ንምምላስ ሽሕኳ ናይ ብዙሓት ኣሕዋት ርኢቶ የድልዮ: ኣነ ግን ብዝራኣየኒ ገለ ገለ ሓሳባት ከቕርብ ክፍትን እየ::
ቅድም ቀዳድም ኣነ ኣስላማይ እየ ክትብል እንኮለኻ:ኩሉ ኣተሓሳስባይ ኮነ ተግባራተይ ጥዑይ ወይ ቅኑዕ ኣየስምዕን::
ምኽንያቱ እናሰገድካ:ሓውኻ ክትዕምጽ:ሰብይትኻ ክትዕምጽ:ደቅኻ ክትዕምጽ ወይ ካለኦት ሰባት ክትዕምጽ ስለ እትኽእል::እዚ ዝፍጸም ጌጋ ካኣ እቲ ደረጃ ናይ ኢማን(እምነት ኣብ ልብኻ)ድልዱል መሰረት ስለ ዘይሓዘ ክኸዉን ይኽእል::ወይ ኣብቲ ግዜ ሕማቕ እትፍጽመሉ እቲ ኢማን ካብ ልብኻ ስለ ዝርሕቕ::
ስለዚ ክልተ ኣሕዋት ጥቓን ጥቓን እናሰገዱ እንከለዉ:ሰላት ድሕሪ ምፍጻም:ምናልባት ሰላም እውን ኣይባሃሃሉን:ሰላም እንተተባሂሎም ካኣ ናይ ቀልዓለም ሰላም ይኸዉን::

ግን ኣብዚ ሓደ ሕቶ ኻኣ ይመጽእ:ንረቢ ግንባሮም ዘድንኑ:ኣሕዋት ስለምንታይ ምእንቲ ረቢ ኢሎም እቲ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ናይ ግርጭትን ዘይምቅዳውን ሰጊሮም ናይ ብሓቂ ዕርቂ ዘይፍጽሙ::እቲ ዝሰግድሉ ዘለዉ ኣላህ ዕርቂ ኣብ መንጎኦም ከስፍኑ እንድዩ ዝእዘዞም ዘሎ::

እምበኣር ንኽምዚ ዝኣመሰለ ረቢ ዝፈትዎ ናይ ዕርቅን ፍትወትን መንገዲ ክኸይድ ዝጸገሞ:ድኽመት ናይ ኢማኑ(እምነቱ)እዩ ዘንጸባርቕ::ኩላትና ኻኣ እዚ ድኽመት ወይ ሕማም ኣለና::
ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ፈውሲ ናይዚ ሕማም ካኣ እቲ ናይ ሕድገት:ናይ ዕሽሽ ብማል ጠባይ ምምላእን ምዝውታርን እዩ::
እቲ ልዑል ፈጣሪና ኣላህ ከምዚ ይብል:

{ (يَا أَيُّهَا الَّذِينَ آمَنُوا ادْخُلُوا فِي السِّلْمِ كَافَّةً وَلَا تَتَّبِعُوا خُطُوَاتِ الشَّيْطَانِ إِنَّهُ لَكُمْ عَدُوٌّ مُبِينٌ) (البقرة:208)

ክቡራት ኣሕዋት:ጀና ምእታው ምስ እምነት ከምዝተኣሳሰረን:እምነት ካኣ:ምስ ድልዱል ናይ ሕውነታዊ ዝምድናታት ከምዝተኣሳሰረን:ሕውነት ንምርካብ ካኣ ኣብ መንጎና ሰላም ክሰፍን ከምዝግበኦን ዘብርህ: እዚ ሓዲስ ናይ ረሱል ከቐርብ ደስ ይብለኒ:: ልኡኽ ኣላህ ሰላላሁ ዓለይሂ ወሰለም ከምዚ ይብሉ: ) أفلا أدلكم على شيء إذا فعلتموه تحاببتم : أفشو السلام بينكم ).

ረሱል ይብሉና:ሓደ ነገር ኣሎ እንተዳኣ ጌርክሞ:ክትፋተዉን ክትዕረቁን ኢኹም:ኣብ መንጎኹም ሰላም ዘርግሑ ወይ ኣዘውትሩ::
ክቡር ኣንባቢ ጥቕሚ ናይ ሰላም:ኣብ ሰላም ዝመለአ ሃዋህው ናይ ምህላውን ምንባርን ካኣ ንሕና ኣዚና ኢና እንፈልጦ::ምኽንያቱ ብሰንኪ ውግእን ሽግርን ሰላም ምስኣን ንዓመታት ኣብ ስደት ንነብር ስለ ዘለና:ብተመሳሳሊ እውን ኣብ መንጎ ኣሕዋት ሰላም እንተዳኣ ብተሳኢኑ:ኣብ ቦታኡ ጽልእን ምቅሕሓርን እንተዳኣ ሰፊሩ:እቲ ሕውነት ከምቲ ኣላህ ዝደልዮ ክኸዉን ኣይክእልን እዩ::

ሰላም ከ ከምይ ይርከብ እንታይ ምስ እንገብር ኢና ኑቲ ሰላም ኣብ መንጎና ከነዘውትሮ እንኽእል::
ብዛዕባ እዚ ብዙሕ ክባሃል ይካኣል እዩ:ግን ካብ ትዕዝብተይ:ሓደ ኣገዳሲ ረቒ ኣሎ:
ምናልባት እቲ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰብይትን ኮነ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ወይ ኣዕሩኽ ዝርከብ ምኽንያት ግጭትን ባእስን ብቐሊሉ ክፍታሕ ዝካኣል ነገር ይኸዉን::ግን እቲ ከባልሓን ናብ ሕማቕ ኣንፈት ዝጎቶን:እቲ ናይ ሙሳመሓን ዓፍዉን (ሕድገት) ዘይምህላው እዩ::ከምእዉን ነፍስወከፍ ሸነኽ ናይ ግጭት ንንብሱ ካብ ጌጋ ነጻ ስለ ዝገብራ እዩ::
ኣብ ክንዲ ኣነ ምናልባት ንሓወይ ወይ ሓብተይ ዓሚጸያ ይኸውን:ዋላውን እሳ ትጋገ ንወጅሂ ኣላህ ኢለ ባዕለይ ሙሳማሓ ክሓታ እየ ዝብል ጽቡቕ ጠባይ ካባና ስለ ዝራሓቐ እዩ::

ኣነ ሓውኹም ነዚ ሓሳባት ዘቕርቦ ዘለኹ:ብዓይነይ ክንደይ ሓዳር ብሰንኪ ሰኣን ሕድገትን ዕሽሽ ምባልን ዝተበተነ ሓዳር ስለ ዝታዓዘብኩ::ክንደይ ኣሕዋት እውን ብዘይጠቕም ሚዛን ዘይብሉ ሃጠው ቀጠው ዝኾነ ነገራት ክስባ ሕጂ ገመድ ሕውነቶም ተበቲኹ:ስለ ዝራኣኹ:ክንደይ ኣደታት እውን ንውላደን ክርእያ ዘይክእላሉ ኩነታት ስለ ዝተዓዘብኩ:: እዚ ኹሉ ዝርከብ ዘሎ ኻኣ:እዚ ናይ ትዕቢትን ኣልቦ-ሙሳመሓ ሃዋህው ስለ ዝሰፈነ እዩ::
ኣብ ሮመዳን ምሉእ ወርሒ:ኣላሁማ ኢናካ ዓፉውን ከሪም ቱሒቡል ዓፍዋ ፋዕፉ ዓና: ኢልና ንኣላህ እናለመንና ግን ንዝበደሉና ኣሕዋት ይቕረ:ሙሳማሓ ክንገብር ኣይንኽእልን:ኣዝዩ ዘገርም ጉዳይ እዩ::

ክቡር ኣንባቢ እንተዳኣ ብሓቂ ምእመናን ኮይና ከምታ እያ እትብሎ وَأَصْلِحُوا ذَاتَ بَيْنِكُمْ ነዚ መምርሒ እዚ ኣብ ተግባር ከነውዕል ክንጽዕር ይግባእ::

ረሱል ድሕሪ ነዊሕ ስደት ካብ መዲና ናብ መካ ምስ እተመልሰ ነቶም ንዓመታት ንዕኡን ንሳሓባን ዝበደሉን ዘሳቐዩን:ኣብታ ሕነኦ ክፈድየላ ዝኽእል ሰዓት:ናጻ ከምዝገደፎምን ይቕረ ከምዝበለሎምን ኩላትና ንፈልጦ ነገር እዩ::

ሰይድና ዩሱፍ እውን ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ነቶም ዝበደልዎ ኣሕዋቱ( ኣብ መንጎና ሸይጣን ኣትዩ እዩ ከምእንራሓሐቕ ጌሩና)እናበለ ከምዝሳመሖም ካኣ ንፈልጥ ኢና::

እሞ እንታይ ዳኣ ኢና ኮይና ነቲ ኹሉ እና ቀራእናን እናፈለጥናን ኣብ ተግባር ከነውዕል ዘይንጽዕር::
እሞ ምእንቲኢ እቲ ልዑል ኣላህ ኢልካ:ነቲ ሕውነታዊ ዝምድናታትካ ከተደልድሎን ንዝበደሉኻ ኻኣ ዕሽሽ ክትብልን ብትሕትና እሓተካ::

ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ:ይብል:
﴿فَمَنْ عَفَا وَأَصْلَحَ فَأَجْرُهُ عَلَى اللَّهِ﴾ [الشورى:40].

እሞ ዒድ ናይ ሙሳማሓን ናይ ፍትወትን ናይ ምትሑቚቃፍን ይግበረልና ኣሜን::

# ሓቤሬታ

ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን
ሰላምን ርህራሄን ናይ ኣላህ ይዕሰልኩም እናበልና
ኣብ ሙንሸን ብኣባላትን ኣሕዋትን ተቐማጦ ከተማ ሙንሸን ሓድሽ ቦታ( መርከዝ) ብዕለት 25.08.2007 ከምእተኸፍተ ክንሕብረኩም ንፈቱ::እዚ ቦታ እዚ ኻኣ ንዝተፈላለየ ንዓበይትን ንናኣሽቱ ደቅና ዝጠቅም ትምህርትን ንጥፈታትን ዝትግበረሉ ቦታ እዩ::
ብወገና ንኣሕዋትና ኣብ ሙንሸን እንኳዕ ልብኹም ሓጎሰኩም :ኢንሻላህ ካኣ ጻማ ጻዕርኹም ፍረኡ ኣብ ደቅኹም ትርእይዎ:ክንብሎም ደስ ይብለና::መብሩክ ጨንፈር ኣልተዳሙን::
ኣድራሻ: Adresse: Landwehr str.44

# Im Namen Allahs, des Allerbarmers, des Barmherzigen

## Was nach Ramadan?

An die, die aus Glauben und in Erwartung der der Belohnung gefastet und nachts gebetet ha-ben; an die, die Allah, der Erhabene, durch aus Barmherzigkeit das Ende Ramadans hat erreichen lassen -denen sage ich, lobt Allah viel und dankt Ihm immer, denn Er ist des Lobes und des guten Dankes wert. Hier sind ein paar Ratschläge für das Nach-Ramadan.

Das äußerst Schlimmste, was dem gesteinigten Teufel je zustoßen kann, sind das Gebet, das freiwillige Nachtgebet, die Bittgebete, die Vergebungsbittgebete und die wahrhaftige Reue. Das äußerst Schlimmste, was der Teufel zu hören bekommen kann, ist es, wenn der Diener sagt: *„O Allah, ich bitte Dich um das gute Ende.*" Da sagt der Teufel: „Ich glaube, er hat es begriffen.", d.h. wer sagt: *„Ich bitte um das gute Ende."*, der pflegt bestimmt, Gutes zu tun, und ist klug und daraufhin begeht keine Sünden, denn der Tod trifft immer plötzlich ein. Deswegen bittet er Allah darum, immer dabei zu sein, damit sein Ende gut sein und er bei seinen guten Taten sterben wird, um dann Allah zu begegnen, Der sein Herz schlagen lässt und, wenn Er will, anhalten kann. Nur dann kommt der Diener bei Ihm, dem Erhabenen, gewinnend, Gutes tuend und Ihn anbetend an, als würde er Ihn sehen, da er Ihn immer mit sich spürt, egal wo der Diener hinblickt, schaut er auf nichts Verbotenes hin, denn er vergegenwärtigt sich immer, dass Allah mit ihm ist – Allah, Der seine Augen blicken lässt, und dem der Diener keinen Augenblick und keinen Pulsschlag entbehren kann.

Die Vorsicht davor, dass der Teufel den Diener verhöhnt, denn, wenn der Teufel das Herz des Dieners mit Gelüsten und Unachtsamkeit besiedelt und der Diener doch um das gute Ende trotz ständigen Sünden bittet, dann lacht ihn der Teufel aus wegen der Dummheit und des Mangels an Achtsamkeit. Wenn der Diener sagt: *„Ich bitte Dich um das gute Ende."*, und trotzdem doch noch raucht, lügt, andere verleumdet und betrügt, sein Kleid hinter sich herzieht, sich den Bart rasiert, sich den Eltern gegenüber ungehorsam verhält, seine Verwandtschaft nicht pflegt, andere hasst und zankt, mit Zinsen handelt, sich bestechen lässt, ein Sänger, Zielloser oder Sünder ist, die Gebete ausschläft, die Freitags-und Gemeinschaftsgebete verpasst, den Qur'an nicht rezitiert, die Sunnah und Rechtleitung des Gesandten Allahs, Allahs Frieden und Wohlgefallen auf ihm, nicht befolgt, die Zufriedenheit Allahs, die Ruhe bei Ihm und die totale Wendung des Herzens zu Ihm ablehnt, die Augen durch verbotene Blicke, die Ohren, die Zunge, das Herz, die Atemzüge, die Vernunft versäumen und den Teufel ihn auslachen lässt, dann werden seine Bittgebete nicht erhört, sogar wenn er hundertmal um das gute Ende bittet, denn er kennt die Tat des guten Endes nicht; wäre er klug, würde er keine Sünden begehen und dabei sagen: „O mein Herr, mach mich zu den Gutes-Tuenden!", denn seine Worten widersprechen seinen Taten. Allah, der Erhaben, sagt zu solchen Dienern: **„Warum sagt ihr, was ihr nicht tut?"**, und zu den vernünftigen, klugen und glaubenswürdigen Gläubigen:

**„O die ihr glaubt, fürchtet Allah. Und eine jede Seele schaue, was sie für morgen vorausschickt."**

Das gute Ende ist nur durch die guten Taten und die gute Absicht zum Willen des Guten und Enthalten des Bösen zu erreichen. Allah, der Erhabene, sagt:

**„Wenn Allah in euren Herzen et-was Gutes weiß, wird Er euch etwas Besseres geben."**

Zudem sagt Er: **„Für jemanden von euch, der sich recht verhalten will."**

Allah ist groß, denn er sagt zu Seinem Gesandten, Allahs Frieden und Wohlgefallen auf ihm:

**„So verhalte dich recht."**,

so dass er nach der Offenbarung dieses Verses viel geweint hatte. Der Gesandte Allahs, Allahs Frieden und Wohlgefallen auf ihm, wurde einmal gefragt: „Sag mir im Islam etwas, dass ich nach dir niemand danach fragen werde" Er sagte: „Sag: Ich glaube an Allah" – d.h. gehorche Ihm – „und verhalte dich recht!" – d.h. bis zum Tode. So ist wirklich das gute Ende und so verlässt der Gläubige das Diesseits und wendet sich dem Jenseits zu.

Zieh dich selbst in Rechnung bei diesem Vers: **„O die ihr glaubt,"** – hast du wirklich den Glauben vollzogen? – **„vorgeschrieben ist euch das Fasten,"** – hast du dir des Verbotenen enthalten, bevor wir von dem

Erlaubten sprechen? – **„so wie es denjenigen vor euch vorgeschrieben war, auf dass ihr gottesfürchtig werden möget.“** – hat dein Fasten die Gottesfurcht als Frucht gebracht oder nicht, denn die Frucht des Fastens ist die Gottesfurcht, d.h., dass du Allah gegenüber keine Sünden begehst, nachdem du für Ihn gefastet hast, denn wer Allah widersetzt, der hat eigentlich nicht gefastet und weder dessen Glauben ist wahrhaftig noch seine Erwartung der Belohnung. Erinnern sollst du dich daran, was mit deinem Vater Adam und deiner Mutter Eva geschah wegen einer einzigen Sünde. Die Gehorsamkeit ruft eine Art Geselligkeit und die Sünde eine Art Verlassenheit hervor. Halte dich an die Ruhe durch die Geselligkeit mit Allah fest und sei vorsichtig vor der Einsamkeit durch die Verlassenheit Allahs, des Erhabenen.

Wie oft hat Er deine Augen blicken lassen? Halt und denk ein bisschen nach! Wie oft hat Er dein Herz schlagen lassen? Sollten du doch nicht mit Ihm zufrieden sein? Sollte dein Herz doch nicht mit seiner Liebe gefüllt werden, so dass du keinen Atemzug nach Ramadan bei einer Sünde oder in Unachtsamkeit verpasst? Denn der eine Atemzug ist wertvoller als Gold, Silber Diamant und die ganze Welt. Möchtest du einen Beweis dafür aus dem Qur’an und der Sunnah? Sag: *„subhan-allah, alhamdu lillah, la ilaha ill-allah, allahu akbar, astaghfiru-llah, la hawla wa la quwwata illa bi-llahi-l’aliyyi-l’adhim“* Diese bleibenden rechtschaffenen Taten sind besser als alles, worüber die Sonne über-und untergeht. Wie oft ist die Sonne über-und untergegangen? Millionen und Millionen Mal. Sie und diese niedrige Welt vergehen und werden zunichte, aber das Preisen Allahs vergeht nicht. Halt ein andermal. Stell dir den Wert deiner Atemzüge vor. Denk über einen einzigen, zwei oder drei Atemzüge nach. Versuch mal zu atmen aufzuhören. Kannst du es? Nein. Deine Atemzüge sind nicht in deiner Hand, sondern in der Hand Allahs. Durch diesen gescheiterten Versuch solltest du die große Gunst Allahs dir gegenüber kennen lernen. Selbst das Nachdenken ist eine Gunst Allahs, mittels der der Diener erkennt, dass der einzige Atemzug wertvoller ist als die Fülle der Erde mit Gold. Dieses Gold wird zunichte, und wenn man davon die Almosensteuer nicht zahlt, dann wird es am jüngsten aufgehetzt, um dessen Besitzer damit zu brennen und zu quälen.

Siebter Ratschlage: Möge Allah, der Erhabene, durch Seine Macht, vor mir, meinen Eltern, euch, euren Eltern, unsren Verwandten, unsren Kindern, den gläubigen Männern und den gläubigen Frauen, den Lebendigen unter denen und den Toten, die sieben Tore des Höllenfeuers zuschließen. Amen.

In der Mondfinsternis – es gibt weder Macht noch Stärke außer bei Allah – ist eine große Lehre und Lektion, eine Erinnerung an die Reue und, dass man sie schnellst in die Tat umsetzten soll, an die Warnung vor dem Versäumen des Gebets und dessen schnellen achtungslosen Verrichtung und an die Enthaltung der Sünden und des dazugehörigen Bösen. Durch die Sonnen- und Mondfinsternis möchte Allah die Menschen beängstigen, wenn sie die Religion und die Pflichten weglassen und die Grenzen überschreiten. Gratulationen für die Reuenden und wehe den Rebellen an dem Tag, an dem Gesichter schwarz und andere Gesichter weiß werden; wehe jenen schwarzen Gesichtern, wenn das Gesicht des Mondes wegen ihrer Sünden schwarz wird aus Eifersucht für Allah, dann sollten sie nicht für Allah eifersichtig sein, Allah, der sie erschuf, deren Genicke und Köpfe bewegen ließ und deren Stirne in Seiner Hand sind und dem sie keinen Augenblick entbehren können. Der Mond ändert sich, sie aber nicht.

Allah, schenke uns ein gutes Ende und verzeihe uns, so wie Du unsrem Vater Adam und unsrer Mutter Eva verziehen hast. Erinnere uns an Deine Gunst jedes Mal, wenn Du uns blicken und unsere Herzen schlagen lässt. Mach, dass das Gebet und das freiwillige Nachtgebet uns Ruhe, Gesundheit und Glück für die Harzen im Dies– und Jenseits bringt, dass wir unsere Zufriedenheit darin finden, wie es beim Gesandten Allahs, Allahs Frieden und Wohlgefallen auf ihm, war. O Allah, nimm unsere Nachtgebete wohlan und erleichtere uns das Stehen am jüngsten Tag. O Allah, lass uns am jüngsten Tag im Schatten Deines edlen Throns stehen. Wir können Deine Gaben nicht auszählen, o Allah, hilf uns, Deiner zu gedenken, Dir zu danken und Dir gut zu dienen, o Allah, wer die Bittgebete erhört. Wir suchen Zuflucht bei Dir davor, Dir einen Augenblick ungehorsam zu sein, o unser Herr. O Allah, vergib mir und meinen Eltern, dem Leser dieser Botschaft und dessen Eltern, unsren Verwandten, unsren Kindern, den gläubigen Männern und den gläubigen Frauen, den Lebendigen unter denen und den Toten. O Allah, sei mit den Gefährten des Gesandten, Allahs Frieden und Wohlgefallen auf ihm, zufrieden. Allahs Frieden und Wohlgefallen auf dem Gesandten Allahs. Allahs Frieden auf allen Gesandten. Lob gebührt Allah

***بسم الله الرحمن الرحيم***

## ***ماذا بعد أن انقضى رمضان***

**سلام من الرحــمن كل أوان -- على خير شهر قد مضى وزمان**
**ســـلام على شهر الصــيام فإنه -- أمـــان من الرحمن كل أمـــــــان**
**لئن فنيت أيامك الغر بغتة -- فما الحزن من قلبي عليك بفان**

**ها هو شهر رمضان قد مضى.. مضى بأيامه الفاضلة، ولياليه العامرة، بعد أن كان ملء أسماعنا وأبصارنا، وحديث منابرنا، وزينة منائرنا، وسمر مجالسنا، وحياة مساجدنا. مضى وخلّف الناس بعده بين شقي وسعيد، وفائز وخاسر.**
**لقد فاز في رمضان من فاز بالرحمة والغفران، والعتق من النيران. وخسر من خسر بسبب الغفلة والبطلان، والذنوب والعصيان، فليت شعري من المقبول منا فنهنيه، ومن المطرود فنعزيه؟**
**وإن امرءًا ينجو من النار بعد ما -- تزود من أعمالها لسعيد**

**<u>الاستقامة</u>**

**ونحن ما زلنا نعيش في آثار نفحات رمضان يجب علينا أن نقف لنتساءل: ماذا بعد أن انقضى رمضان؟ وما هو حالنا بعد أيام قليلة من رمضان؟ ماذا بعد شهر الرحمة والغفران؟ وماذا بعد شهر التوبة والرضوان؟ ماذا بعد أن اكتحلت عيوننا بدموع المحبة والخوف والرجاء، وعزت جباهنا بالخضوع والذلة لرب الأرض والسماء؟ بعد أن عاينا القرب والإقبال وشاهدناه، القرب من الله لعباده، والقرب من العباد إلى الله، ماذا بعد شهر الجد والاجتهاد والتشمير، بعد أن كان القرآن حياتنا، والصلاة والوقوف بين يدي الله لذتنا، وذكر الله غذاءنا.**
**بعد أن عايشنا كل ذلك، كان ولابد أن يأتي هذا السؤال، وهو ماذا يجب علينا بعد رمضان، بل وبعد كل موسم من مواسم الطاعة؟**
**والإجابة نزل بها الوحي منذ مئات السنين، وأجاب النبي الأمين – صلى الله عليه وسلم – على السائلين الطالبين العلاج الناجع والدواء النافع، فقال: "قل آمنت بالله ثم استقم."**

**إذا كان الله قد حباك بشجرة الإيمان، فيلزمك أيها الموحد معها وتحت ظلها أن تستقيم وأن تعتصم بالسير على الطريق، وأن لا تحيد عنه.**
**الاستقامة.. إنها العلاج، كما قال تعالى: (إِنَّ الَّذِينَ قَالُوا رَبُّنَا اللَّهُ ثُمَّ اسْتَقَامُوا)[فصلت:30.]**
**قال أبو بكر: استقاموا فعلاً كما استقاموا قولاً.**
**قال عمر بن الخطاب: "لم يروغوا روغان الثعالب."**

**فيامن رفعت كفيك في رمضان طالبًا الهداية، زاعمًا الرجوع، مدعيا الإقبال، هل صدقت في زعمك، ووفيت مع الله بعد رمضان؟ أم أنك رغت روغان الثعلب فتعاملت مع الله بذمتين: ذمة رمضانية، وذمة غير رمضانية، ولقيت الله بوجهين، وقد قال النبي – صلى الله عليه وسلم –: "شر الناس ذو الوجهين" فكان حالك قريبًا من حال المنافقين. (وَإِذَا لَقُوا الَّذِينَ آمَنُوا قَالُوا آمَنَّا وَإِذَا خَلَوْا إِلَى شَيَاطِينِهِمْ قَالُوا إِنَّا مَعَكُمْ إِنَّمَا نَحْنُ مُسْتَهْزِئُونَ * اللَّهُ يَسْتَهْزِئُ بِهِمْ وَيَمُدُّهُمْ فِي طُغْيَانِهِمْ يَعْمَهُونَ) [البقرة:14، 15.]**

**<u>أسباب معينة</u>**

**الاستقامة هي الحل وهي السبيل، وهذه الاستقامة لا تتأتى بالأماني، وإنما لها شرائط وأسباب.. منها:**
**<u>أولا :الاستعانة بالله:</u>**
**أن تعلم أن الذي أقامك لعبادته في رمضان هو الله، وهو وحده القادر على أن يعينك على المداومة والاستمرارية فليست الاستقامة قوة منك ولا قدرة فيك، ولا فتوة في جنابك، وإنما هي محض منة الله وفضله أن يوفق عباده للطاعة ثم يتقبلها منهم، وهذا الاعتراف منك هو بداية الاستقامة. أما الناظر إلى عمله المحسن الظن بنفسه الذي يظن أن عبادته إنما هي بقدرته وقوته؛ فهذا يكله الله إلى نفسه، ومن وكله الله لنفسه هلك، ولذلك كان من دعاء النبي – صلى الله عليه وسلم –: "ولا تكلني إلى نفسي طرفة عين أبدًا"[رواه أبو داود.]**

**<u>ثانيا: المجاهدة:</u>**

**أن تعلم أن الاستقامة لا تتحصل بالهجوع في المضاجع، ولا بالاستمتاع بكل ما لذّ وطاب من الشهوات والملذات، بل تتأتى بالمجاهدة والمثابرة والمصابرة.. مجاهدة للنفس، والهوى، والشيطان، ومثابرة على فعل المأمورات والإكثار من الطاعات، ومصابرة عن الشهوات والمنهيات، حتى**

تأتي بأمر الله على تمامه. (وَالَّذِينَ جَاهَدُوا فِينَا لَنَهْدِيَنَّهُمْ سُبُلَنَا وَإِنَّ اللَّهَ لَمَعَ الْمُحْسِنِينَ)[العنكبوت:69]، وَجَعَلْنَا مِنْهُمْ أَئِمَّةً يَهْدُونَ بِأَمْرِنَا لَمَّا صَبَرُوا وَكَانُوا بِآيَاتِنَا يُوقِنُونَ)[السجدة:24].
قيل للإمام أحمد: متى يجد العبد طعم الراحة؟ قال: إذا وضع قدمه في الجنة .
وقال الشافعي: لا ينبغي للرجل ذي المروءة أن يجد طعم الراحة، فإنما هو في هذه الحياة الدنيا في نَصَبٍ حتى يلقى الله.
إن الله لا يَمُنُّ عليك بالاستقامة ويذيقك لذتها ويعطيك ثوابها، إلا إذا ثابرت عليها وعملت لها ودعوت الناس إليها، وجاهدت حتى تصل إليها.

ثالثا: رفقة أهلها
:
وهذا من أكبر العون عليها، ومن أعظم أسباب الثبات عليها، وقد قال جعفر بن محمد: "كنت إذا أصابتني فترة جئت فنظرت في وجه محمد بن واسع، فأعمل بها أسبوع .." وإنما سهلت الطاعة في رمضان لكثرة الطائعين، ووجود القدوات ييسر الأعمال، وإنما الوحشة في التفرد والغفلة تركب الواحد وهي من الاثنين أبعد، وإنما يأكل الذئب من الغنم القاصية.

علامات القبول :

إن من علامات قبول الطاعةِ الطاعةُ بعدها، فعلينا مواصلة الطاعات ومتابعة القربات، ولا يكن آخر العهد بالقرآن ختمة رمضان، ولا بالقيام آخر ليلة من لياليه، ولا بالبر والجود آخر يوم فيه.. وإذا كان رمضان قد انقضى فإن الصيام والقيام وتلاوة القرآن والعبادة والطاعة لم تنقض.. ومن كان يعبد رمضان فإنه ينقضي ويفوت ومن كان يعبد الله فإن الله حي لا يموت.. وبئس العبد عبد لا يعرف ربه إلا في رمضان.

ولقد حذرنا الله تعالى أن نكون مثل بلعام بن باعوراء، عالم بني إسرائيل الذي أذاقة الله حلاوة الإيمان وآتاه أياته، ثم انقلب على عقبيه واشترى الضلالة بالهدى والعذاب بالمغفرة ،وانسلخ من آيات الله كما تنسلخ الحية من جلدها: {وَاتْلُ عَلَيْهِمْ نَبَأَ الَّذِي آتَيْنَاهُ آيَاتِنَا فَانسَلَخَ مِنْهَا فَأَتْبَعَهُ الشَّيْطَانُ فَكَانَ مِنْ الْغَاوِينَ}[الأعراف:175]

وحذّرنا ربنا سبحانه أن نكون مثل" ريطة بنت سعد" امرأة مجنونة كانت بمكة، كانت تغزل طول يومها غزلاً قويًا محكما ثم آخر النهار تنقضه أنكاثا، أي: تفسده بعد إحكامه، فقال تعالى: {وَلا تَكُونُوا كَالَّتِي نَقَضَتْ غَزْلَهَا مِنْ بَعْدِ قُوَّةٍ أَنكَاثًا}[النحل:92]

وحذر النبي صلى الله عليه وسلم من ترك الطاعة بعد التعود عليها فقال لعبد الله بن عمرو: [ياعبد الله لا تكن مثل فلان كان يقوم الليل فترك قيام الليل]. وسئلت عائشة رضي الله عنها عن عمله فقالت: كان عمله ديمة" متفق عليه.. وقال صلى الله عليه وسلم: [إن أحب الأعمال إلى الله ما دووم عليه وإن قل [رواه مسلم.

وهذه التحذيرات القرآنية تنطبق على من ذاق حلاوة طاعة الله تعالى في رمضان، فحافظ فيه على الواجبات وترك فيه المحرمات، حتى إذا انقضى الشهر المبارك انسلخ من آيات الله، ونقض غزله من بعد قوة أنكاثا .
على الذين كانوا يحافظون على الصلاة فلما انقضى رمضان أضاعوها واتبعوا الشهوات.
على الذين كانوا يجتنبون شرب المحرمات ومشاهدة المنكرات وسماع الأغنيات فلما غاب رمضان عادوا إليها.
على الذين كانوا يعمرون المساجد ويداومون على قراءة القرآن فلما مضى رمضان هجروا المساجد وهجروا القرآن .
وقد قال أهل العلم إن من أعظم علامات الرد وعدم القبول عودة المرء إلى قبيح الأعمال بمجرد انتهاء زمان الطاعة .. نعوذ بالله من الخذلان.

عبادة حتى الموت

لقد علمنا ديننا أن العبادة لا تنقطع ولا تنقضي بانتهاء مواسمها.. فما يكاد ينتهي موسم إلا فتح الله لنا موسما آخر .. فبمجرد انتهاء آخر ليلة من رمضان بدأت بشائر موسم الحج، وهو الأشهر المعلومات في قوله تعالى: "الحج أشهر معلومات" .. وأولها باتفاق أهل العلم هو بداية شهر شوال.

وسن لنا رسولنا الكريم عليه أفضل الصلوات والتسليم بعد رمضان صيام ستة أيام من شوال كما جاء في صحيح مسلم عن أبي أيوب قال صلى الله عليه وسلم: ((من صام رمضان وأتبعه ستا من شوال فذلك صيام الدهر)). وليس لانقضاء العبادة غاية إلى الموت كما قال تعالى لنبيه: {واعبد ربك حتى يأتيك اليقين.}

اللهم إنا نسألك يا أكرم الأكرمين، كما مننت علينا بالطاعة في رمضان، أن تمن علينا بها بعد رمضان.. وكما وفقتنا للقرآن في رمضان أن توفقنا له بعد رمضان. وكما وفقتنا للقيام في رمضان، أن توفقنا له بعد رمضان .آمين.

المصدر .الشبكة الاسلامية